# ሓጺር ታሪኽ
# ብዛዕባ
# መዝገበ-ቓላት ትግርኛ

ብ ተኽለ ተስፋይ

እተሰናደወ




ዕዮ መዝገበ-ቓላት ትግርኛ፡ ንተገደስቲ ልሳንያት ዜዕግብ ነዊሕ ታሪኽ የብሉን። ከመይሲ፡ እቲ ዝርካቡ ትግርኛ ጠቀስ መዝገበ-ቓላት፡ መብዛሕትኡ ናብ ወይ ካብ ካልእ ባዕዳዊ ቛንቛ ብምትርጓም እተዳለወ <u>እዩ</u> ዝነበረ።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ፣ ሒደትን ንኣሽቱን ትግርኛ-ጣልያንኛ ዝትሕዝቶኡ መዝገበ ቓላት ምንባሩ ዚክሓድ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ኻብዚ፡ ነቶም ገዛእቲ ብዜገልግል ኣገባብ እተዳለወ ደኣ`ምበር፡ ነቲ ቛንቛ ንምድንፋዕ ወይ ድማ ነቲ ወደባት ንምጥቃም ተባሂሉ እተገብረ ኣይነበረን። ካብቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣሊያ እተሳላሰለ ዕዮ ኣበርክቶ ነይርዎ

ኪ-ብሃል ዚክኣል፡ እቲ ብኻህን ፍራንቸስኮ በዓል ባሳኖ ተሰናድዩ ብ1918 እተሓትመ ነበረ። ብድሕሪ መግዛእቲ ኢጣልያ ብትሕዝቶኡ ኣገዳሲ ዚ-ብሃል፡ እቲ ብኣባ የውሃንስ ገብረእግዚኣብሄር ተዳልዩ ብ 1958 እተሓትመ፡ ኣስታት 19.000 እታው ዘሰፈረ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ-ኣምሓርኛ እዩ። ኣብዚ ዕዮ እዚ፡ ወከፍ እታው ርእሱ ኽኢሉ ተመዝጊቡ ኣሎ። እቲ መዝገበ-ቃላት፡ ካብቲ ቅድሚ ሽዑ እተሰላሰለ ስራሓት ፍሉይ ዚገብሮ ነገር እንተሎ፡ ትግርኛ ምስኡ ተመሳሳሊ ምስ ዝኾነ ቛንቛ ኣምሓርኛ ተነጻጺሩ ምድላው እዩ። እቲ ንኤርትራ ብሓይልን ብዕብለላ ቛንቋን ምስ ኢትዮጵያ ንምድንባር ዝነበረ ፓለቲካዊ ሃዋህው ኣብ ግምት ከየእተኻ፡ ኣብ ምምዝጋብ ቃላት ጽቡቕ ኣበርክቶ ከም ዘሰዓበ ዚክሓድ ኣይኮነን። ብድሕር`ዚ እውን፡ ብኡንብኡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ብኣቶ በርሀ ወልደማርያም ብ1960 ተሓቲማ ዝወጸት፡ ንእሽቶ ግና ስልጥትን ጠቃሚትን `መዝገበ ቃላት መርሓ-ሕጻናት` ምዝርጋሓ ይዝከር።

ንመጀመርታ ግዜ፡ ትግርኛ ብትግርኛ ዝትሕዝቶኡ መዝገበ ቃላት ዝወጸ፡ እቲ ብግምት ኣስታት 20,000 እታው ወይ ቃላት ዘሎዎ፡ ብመሪጌታ ግርማጽዮን መብራህቱ ብ1984 እተዳለወ እዩ። ኣብዚ መዝገበ ቃላት እዚ፡ ወከፍ ቃል ርእሱ ኽኢሉ፡ እቲ ግሲ ድማ ብቦዝ ዓንቀጽ መልክዕ ተመዝጊቡ ኣሎ። ብጀካ`ዚ፡ ሱር ግሲ ወይ ኣርእስቲ፡ ከምኡ`ውን ትእዛዛዊ ዓንቀጽ ከምቲ ኻልእ ርእሱ ዝኽኣለ እታው ኮይኑ ተደብቲሩ ይርከብ። ብሓፈሻ ግና እቲ ዕዮ ኣብ ግስጋሰ እቲ ቛንቋ ዚንኣድ ኣበርክቶ ኸም ዝገበረ፡ ብፍላይ ድማ ብመንጽር እቲ ትግርኛ-ብትግርኛ ምዃኑ ኪርአ ኸሎ ፈላሚ ምዃኑ ብሩህ እዩ።

ብጀካዚ፡ ካብዚ ቍሩብ ቅድም ኢሉ እተቐልቀለ፡ ብሓልዮ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ እተዳለወ መዝገበ ቃላት ትግርኛ-እንግሊዝኛ፡ ከምኡ እውን እንግልዝኛ-ትግርኛ-ዓረብኛ ኣሎ። እዚ፡ በብወከፉ ብግምት ኣስታት 25.000 እታው ዝሓዘ እዩ። ኣብዚ እውን፡ እቲ ዕዮ ብዙሕ ከም እተደኽመሉን ብፍልጠት ዝበሰሉ

ብዙሓት ተሳተፍቲ ኸም ዝነበርዎን ካብቲ ትሕዝቶኡ ብቐሊሉ ንምስትብሃል ይከኣል። ኣውራ ግና፡ እቲ ዕዮ፡ ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ `ውጹእ ትግርኛ` ጥራይ ዚብል ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ዘይተቐየደ ምዃኑ እዩ። ስለዚ፡ ብዙሕ ካብ ባዕዲ እተለቅሐ ቓላትን ሓረጋትን ሓድሽ ኣምር ዝሓዘ ባህለታትን ሓቚፉ ይርከብ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ጽሑፋዊ ቛንቛ ዘሰጋገረ ኽስተት እዩ እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣበሃህላ ኣይኮነን። ከምኡ እውን ብህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቓልሲ፡ ብሰብ ሞያ እተዳለወ ንእሰ ዝበለ መዛግብቲ ቓላት ነይሩ እዩ። ሓደ ኻብዚ፡ ኣስታት 1500 ናይ ሕክምና ቓላትን ዘይቤኡን ዝሓዘ መዝገበ ቓላት ምጥቃስ ይከኣል።

ቅድሚ ሕጂ፡ ብውልቀ ሰባት ተዳልዩ ኣብ ሕትመት ዘይበጽሐ ዕዮ መዝገበ ቓላት`ውን ነይሩ እዩ። ብፍላይ ሕጂ ኺጥቀስ ዚግባእ ግና፡ እቲ መምህር ሃብተ ዘርአ ዝጀመርዎን ምስ መታዓይይቶም ኣብ መወዳእታ 1987 ዝዛዘምዎ ብወግዒ ዚፍለጥ ኣሎ። እዚ ዕዮ እዚ፡ ትግርኛ ብትግርኛ ኾይኑ፡ ኣተኣታትዋ ቓላቱ ከከም እቲ ዝጥዕም፡ እንሓንሳእ ከም መሰረታዊ ቓል ርእሱ ዝኸኣለ ኾይኑ፡ እንሓንሳእ ድማ ኣብ ትሕቲ ሓደ መሰረታዊ ቓል ከም ጨለዳ ተሰሪዑ እተዳለወ፡ ብኣዋድዳኡን ሜላ ዘይቤኡን ፍልይ ዝበለ እዩ ነይሩ ኺብሃል ይክእል። ንኣብነት፡ ግሲ ብኹሉ ኣዕማድ ረቢሑ ሰፊሩ ኣሎ፣ ከምኡ`ውን ናይ ብርክት ዝበለ ቓላት ተማሳሳሊ፡ ተወራራሲ፡ ተጻራሪ፡ ድርብ፡ ጾታ ይጠቕስ። ብሓፈሻ፡ ነቲ ብኣባ የውሃንስ እተመርጸ ኣገባብን ናይ ካህን ፍራንቸስኮ ብዓል ባሳኖ ሜላን ሓናፊጹ ዝሓዘ ዕዮ ኺብሃል ይክኣል። ንትርጉም ቃላት ከም ኣብነት ኮይኑ ምእንቲ ኼነጽር ድማ ደርፍታት፡ ምስላታት፡ ብሂላት፡ ኣብ ብዙሕ እታው ተጠቒሱ ይርከብ።

እምበኣርከስ፡ ታሪኽ መዝገበ-ቓላት ትግርኛ ብሓጺሩ ኸምዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ እዩ ዚመስል። ትግርኛ ሓደ ኻብቲ ዲማ ዘብሃል ሴማዊ ቛንቋ ደኣ ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ብዙሕ ምኽንያት ከምቶም መሳትኡን መቕርቡን ቋንቋታት ኪምዕብል ዕድል

ኣይረኸበን። ትሕዝቶ መዝገበ ቃላት ድማ ካብ ደረጃ ምዕባለ እቲ ቋንቋ ስለ ዘይፍለ፡ እቲ ኽሳዕ ሕጂ እተሰላሰለ ዕዮ ምስቲ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት ብሓቂ ዚንኣድ እዩ ኺብሃል ይክኣል።